# ኣንታ ወደይ ፡ ኣቤት ኣቦይ

## ዕላል ነጻነት

1

ኣቦ፡ ኣንታ ወደይ ከተማ ዶ ወሪድካ ውዒልካ ?

ውሉድ፡ መንቀሳቐሲ ንስለ ዘይብለይ ኣይወጸኹን።

ኣቦ፡ እሞ መዓልቲ ነጻነትስ፡ ኣብ ገዛእ ዓድኻ፡ ኣብ ገዛኻ ተሓይርካ ክትውዕል ?

ውሉድ፡ እወ ወሪዱና ኣቦ ዘመኑ'ዩ፡ እቲ ማእሰርቲ ይፈላለዩ'ምበር ዘይ ሃገር ብሃገራ ኣብ ማእሰርቲ ዘላ።

ኣቦ፡ ኣይ

ውሉድ ፡ እወ እቲ ፕረሲደንትና'ውንኳ ንባዕሉ እሱር'ዩ፡ እቶም መሰል ሰብ ዝጣበቑ ህዝቢ መንቐሳቐሲ ስለ ዝሓትዎ፡ ካብ'ዛ ከባቢ እንዳ ኮርያ ተወዚ ኣይብልን'ዩ።

ኣቦ፡ በል ዝወደይ ምሕረት የወርድ፡ ምሉእ ነጻነት የምጽኣልና።

ውሉድ፡ ወላ ነቶም ዝማልዱ ጸጻሳት'ኳ'ዩ ኣሲሩ፡ ምሕረት ክንልምን መን ክመርሓና፡

ኣቦ፡ በል ዝወደይ ናይ ሕልና ነጻነትካ ስለ ዝዓቢ ብሕልና ለምንን፡ ሕሰብን፡ ንሳ ዝወስደልካ የልቦን። ሕልና ከኣ ይዓቢ።

2.

ወላዲት፡ ኣሰይ ዝወደይ፡ ሽኹር ቅድመኺ ይስጣሓኒ፡ ጭብዕቲ፡ ምስ ዓበኻስ እንታይ ክትኸውንኻ ?

መንእሰይ፡ እሱር፡ ናይ ስደት ዶክቶር፡ ወይ ከኣ ሙሩኽ ተምበርካኺ ዶክቶር፡

ወላዲት፡ እንታ ቆልዓ እንታይ ኮይንካ ከምኡ ትብል ?

መንእሰይ፡ ኣይ'ዛ ትርእያ ዘለኺ ግዜ እንድያ ኣደየ፡ ካልእ ዶ ትርእይ ኣሎኺ'ኺ።

3.

ኣዕሩኽ

ዓርኪ 1፡ ኣንታ ኣዋጅ ተኣዊጁ ኢሎሞ፡ ሎምስ ሽግርና ይፍታሕ ደኸውን

ዓርኪ 2፡ እወ ተኣዊጁ፡ እንታይ እሞ ካብኡ ትጽበ ኣሎኻ ?

ዓርኪ 1፡ ገለ ሓድሽ ነገር ?

ዓርኪ 2፡ ኣብ ህ.ግ.ደ.ፍ ደኣ ኩሉ ግዜ ሓድሽ፡ መዓስ ደኣ ኸ ትማሊ ዘልዓ ልዋ፡ ሎሚ ደጊሞም ክዛረቡላ ሰሚዕካ ትፈልጥ።

ዓርኪ 1፡ ዘረባ እንዶ ኣይተብዝሕ ሕጂ እቲ ሓድሽ ኣዋጅ እንታይ እዩ።

ዓርኪ 2፡ እቲ ሓድሽ ኣዋጅ ደኣ ቅድሚ ሕጂ ሓሚምካሉ ዘይትፈልጥ እዩ።

4.

ሽማግለ፡ ገያሻይን

ሽማግለ፡ መዓሉም ሓውይ

ገያሻይ፡ መዓልኩም ሓይወይ ተኸደኑ ብጻድቓን፡ ብጻድቓ እብለኩም ተኸደኑ፡

ሽማግለ፡ በየን ደኣ መጸኹም ?

ገያሻይ፡ ኣብዛ ጎደቦ ዓዲ ትብጻሕ ኣላትኒ እሞ ናብኣ'የ፡ ኣምበር ምቕማጠይስ ኣብ'ዚ ከባቢ ኣይኮነን።

ሽማግለ፡ ኣንቱም ሓወይ ንሕና'ኳ እታ መስተያት ትመስል ሰብ ተርኢ፡ ክብብ ዝበለት ሳንዱቕ ቀደምስ ናይ ጻዕዱ ጥራሕ'ያ ዝነበረት፡ ትፈልጣ ዲኻ

ገያሻይ፡ እወ፡ እወ ይፈልጣ'ምበር ተለቪዝዮን'ያ ትጽዋዕ፡ ኣነ'ውን ብወረ'የ ዝፈልጣ፡ ከማኹም።

ሽማግለ፡ ስምካ ትረኸብ እወ፡ እዚ ቡርኽ ሰባይስ፡ ንኩሉ ማዕጾ ክፉት'ዩ ክብል ሰሚዔዮ፡ ክብሉ ኣብዛ ባይቶ ተዛሪቦም።

ገያሻይ፡ ጠፋእና፡ ሎሚ ኸ ነቲ ሰራሕ ማዕጾ ተቐቲሉ ዶ ኾን ኮይኑ'ዩ፡

20 ግንቦት 2006
ኣንቶንዮ ተስፋይ